# ህ! እም በሉ ወረ ክንህበኩም።

ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት ብድሕሪ'ቲ ብጩሉቕ ኣብ ሓንቲ ንእስ ዝበለት ከተማ ዓባይ-ብሪጣንያ ዝተኻየደ "ብስም 3ይ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ" ዝጽዋዕ፡ ያእዩ "ምህናጽ ሓያልን ንቑሕን ሃገራዊ መንእሰያት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጉልባብ ዝተኻየደ ናይ ጻዕረ ሞትን ኣድሑኑናን ኣኼባ ብመሪሕነት ኣቶ የማነ ገብርኣብን ኣቶ ዘምህረት የውሃንስን ድሕሪ ምክያዱ ኣብ ከተማ ሎንዶን'ውን ብዕለት 10 ሚያዚያ 2007 ዓ.ም ብኣቶ የማነ ገብርኣብ ሕጂ'ውን ብጩሉቕ ንኣባላት ህግደፍ ጥራሕ ኣኼባ ከምዘካየደሎም እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረጋግጽ።

እቲ ዘገርም! ወላ'ውን ኣኼበኞታት ኣብቲ ኣኼባ ባዕሎም ንኣቶ የማነ ዝገለጽሉ ንመጀመርታ ጊዜ ንሸኻ ስለ ዝመጻእካ'ምበር ክንድዚ ዝኣክል ቁጽሪ ሪኢና ኣይንፈልጥን ዝበልዎ ቁጽሪ፡ ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ምምባሩ እቲ ኣብ ፈቐድኡ ዝዕለል ዕላል የረጋግጾ። ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ኣቶ የማነ ኣልዒሉ ዝተዛረበሎም ጉዳያት ብሓፈሻ ህልው ኩነታት ኤርትራ ኢሉ ዝጠቐሶ ቁጠባ ኤርትራ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ከምዝርከብ ኣይሓበአን። ግን ክኣ ይብል ንሱ "ንሕና ብዝተኻእለና ንጽዕርን ንሰርሕን ኣለና እንተኾነ ግን ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ኮይኑና" ኢሉ። ካልእ ብዛዕባ ንገዛ መስርሒ ተባሂሉ ዝኸፈልናዮ ገንዘብና ኣበይ ኣትዩ ተባሂሉ ክምልስ ከሎ እቲ ዝነበረና ገንዘብ ኣጽዋር ገዚኢናዮ ኢና ክብል ተስፋ ብዘቑርጽ መሊስሎም። ሕጂ'ውን ይብል ኣቶ የማነ ብዝጠፈአ ገንዘብ ኣይትሕተቱ ዝዓይነቱ ብሰንኪ ኣብያ ስርዓት ወያነ ንምምልካት ዶብን ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ ልዕሌና ብዘካይዶ ዘሎ ዝርያን ካልእን ሰርቢ ኩናት ኣንጠጥዩና ስለዘሎ ሕጂ'ውን ከም ቀደምኩም ክትውፈዩ ኣለኩም ብምባል ኣእዳዎም ጠውዩ ኣብ ጁባኦም ክኣቱ ዝተረፎ ኣይነበሮን እናተባህለ ይዕለል ኣሎ።

ኩቡራት ኣምበብትና ካብዚ ቀጺልና እተን ካብ ኣኼበኞታት ዝቐርባሉ ዝነበራ በዳህቲ ሕቶታትን ሪኢቶታትን ከምዚ ዝስዕብ ይመስላ፡-

* ብሓንቲ ኣብ'ቲ ኣኼባ ካብ ዝተሳተፍት ዝበለቶ ልኡኽ ህግደፍ ኣቶ የማነ ህግ ክብል ኣብ መግለጺኡ ብዝጠቐሶ ነጥቢ ኣልዒላ "ልዕሊኹሉ ህዝባዊ

ግምባር ብምባልካ ኣሕጕስካኒ ምኽንያቱ ኣነ ህ.ግ ኢየ ዝኣምን። እዚ ህግደፍ ዝብሃል ግን ድሕሪ ሕጂ ክሰምየ ኣይደልንየ። ምኽንያቱ ኣብ ዓዲ ኬድና ንርእዮ ዘለና ናይ ሰበይ ሰብካን ብልሽው ምሕደራኡን መዐቀኒ የብሉን። ብሉ መጠን ክኣ ህዝቢ ትብድልዎ ኣለኹም” ክትብል መረርኣ ኣስሚዓ።

* ካልእ ብሓደ ኣብቲ ኣኼባ ካብ ዝቐረቡ ሪኢቶ'ውን “ኣብዚ ንርእዮ ዘለና ኣብ መንግስታዊ ስራሕ እናሰርሑ ብፍላይ ክኣ ከም ኣብ ቤት/ጽሕፈት ኤምባሲ ኤርትራ ዓባይ-ብሪጣንያ ንሰርሕ ኣለና እናበሉ ስድራ-ቤቶም ብሊቢያ ኣቢሎም ዘህድሙ ኣለው። በቲ ካልእ ክኣ ስድራ-ቤታት ኤርትራ ደቐኽን ሃዲሞም እናተበህለ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ተኽፍልዎም ኣለኹም እዝስ ፍትሓዊ ድዩ?” ክብል ሓሳቡ ዳሕዲሕዎ።

* ሓንቲ ኣደ'ውን ብምረት “ብዝዕባ ዝሃደሙን ዝኸድዑን ትብሉና ዘለኹም ደቅና ኣተሓሕዛኹም መሪርዎም ድኣሎም ዝመጽኡ ዘለዉ'ምበር ፈትዮም ኣይኮኑን። ሕጂ ክኣ ይምጽኡ ጥራሕ'ምበር ደቅና ንመን ክንህቦም ክንሓቑፎም ኢና። ድሓር ክኣ እዚ ዓሰርተ ትሽዓተ ሽሕ ስዉኣት ጥራሕ ኢዮም ዝበልኩምና ሓሲኹም ኢኹም'ምበር እቲ ቁጽሪ ክሳብ ኣርብዓ ሽሕ ኢዩ ዝበጽሕ” ክትብል ገሊጻ።

ዝኸበርኩም ኣምበብቲ እዚ ዝጠቐስናዮ ገለካብቲ ብዙሕ ዝነበረ በዳህቲ ሕቶታት እቲ ዝወሓደ ኢዩ። እዚ ኮይኑ እቲ ግን ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ መንጎ ኣባላት ህግደፍ'ውን እቲ ንቕሓት እንዓበየ ይመጽእ ምህላዉ ኢዩ።

በሉ! ኣቱም ኣባላት ህግደፍ ክንብለኩም እንደልዮ ነገር እንተሃልዩ ልኡኽ ህግደፍ ኣብ መንግኹም ተረኪቡ ከይሓፈረ “ኣብዚ እዋን'ዚ ጠመተና ናብ ምህናጽ ሓያልን ንቑሕን ሃገራዊ መንእሰያት ኢዩ። እዚ ክንብል ከለና ግን ነዚ ዝመጽእ ዓሰርተ ዓመት ክኣ ከተድልዩና ኢኹም” ዝበሎ ብድሕሪኡ'ኸ እንታይ ኢኹም ክትኮኑ? ክትጓሓፉ? ስለዚ ሕጂ'ውን እታ ማሕፉዳኦም ስለዝጎደለት ከዳህልለኩም'ምበር ካልእ ጣቒ ከምዘይብሉ ባዕልኹም ተገንዚብኩሞ ኣለኹም። ስለዚ'ምባኣር እቲ ከተልዕልዎ ዝዋዓልኩም ሕቶታታትን ጉዳያትን'ውን እንተኾነ ብቐንዱ እቶም ንቃወም ዘለና እነልዕሎ ሕቶ'ውን ንሱ ኢዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኣብ ሓደ መስመር ናይ ቃልሲ ንመጽእ ኣለና'ሞ ብሓቂ'ውን ድሕነት ሃገር ዘገድሰኩም እንተኾይኑ ኪኖ'ቲ ነዚ ወይጦ ህግደፍ ዝበዳህክሞ ክትከዱን ኣንጻር ከፉፉልን ገባትን ምሕደራኡ ክትልዓሉ ግዚኡ ሎሚ ኢዩ።

ዓወት ንደሞክራሲያዊ ቃልሲ!

**ሰመረ ረዘነ**
**ዓባይ-ብሪጣንያ**
**20-04-2007**